HM Government

Grenfell community updates

# Grenfell Tower community update: May 2026 - Tigrinya / ትግርኛ

**ናይ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ናይ ማሕበረሰብ ሓበሬታ፦ ግንቦት 2026**

ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ነቶም በቲ ሓደጋ ኣዝዮም ዝተሃስዩ ዓሚቕ ውልቃዊ ትርጉም ከም ዘለዎን እታ መሬት ንስድራቤታት ቅዱስ ምዃናን ንፈልጥ ኢና።

ነቲ ግምቢ ብጥንቃቐ ንምውራድ ብዛዕባ እንሰርሖ ዘለና ስራሕ ክንሕብረኩም ንደሊ። ኣብዚ እዋናዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ዝስዕቡ ዳህሲስና ኣለና፡

- **ናይ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) 9ይ ዝኽሪ ዓመት**
- **ግረንፈል (Grenfell) ልቢ ባነራት**
- **ናይ ግምቢ መብራህቲ**
- **ምክትታል ሓበሬታ ብዛዕባ ኣበራ፣ ምንቅጥቃጥን ዝርብሽ ድምጽን**
- **ናይ ጥዕናን ድሕንነትን ድጋፍ**
- **ከመይ ጌርካ ምሳና ከም እትዘራረብን ተወሳኺ ሓበሬታ ትረክብን**

ናይ ቅድሚ ሕጂ ሓበሬታ ኣብዚ ክትረኽዎ ትኽእሉ ኢኹም:
www.gov.uk/grenfell-community-updates

## ናይ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) 9ይ ዝኽሪ ዓመት

ማሕበረሰብ ግረንፌል (Grenfell) ነቲ ዘጋጠመ ሓደጋ መበል ትሽዓተ ዓመት ዝክረ-ዓመት ንምምላእ ኣብዚ ወርሒ ሰነ ይዳለዉ ኣለዉ።

ኣብዚ እዋን እዚ ንዝተጎድኡ ስድራቤታት፣ ካብቲ ሓደጋ ብሂወት ንዝተረፉን ንጠቕላላ ማሕበረሰብን ደገፍ ንምሃብ ዘሎና ቆራጽነት ቀጻሊ እዩ። ከም ናይ ኣኽብሮት ምልክት ድማ፡ ኣብቲ ህንጻ (Tower) ዝካየድ ስራሕ ካብ ዓርቢ 12 ሰነ ፍርቂ መዓልቲ ጀሚሩ ክቋረጽ እዩ፤ ክሳብ ሰሉስ 16 ሰነ ድማ ኣይክቕጽልን እዩ። ነዚ ኣገዳሲ ዕለት እዚ ንምዝካር ድማ፡ ካብቲ ህንጻ ዝያዳ ተወሳኺ ብርሃን ክበርህ እዩ። ኣብቲ ታወር ዝግበሩ ዘለዉ ቀጻሊ ስራሕቲ ስለዘለዉ፡ ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ናይ ዝኽሪ መዓልቲ ናብቲ ግረንፌል ታወር (Grenfell Tower) ዝርከበሉ ቦታ ምእታው ኣይክፍቀድን እዩ።

## ግረንፈል (Grenfell) ልቢ ባነራት

ግምቢ ግረንፈል (Grenfell Tower) ብጥንቃቐ ንምውራድ ዝግበር ስራሕ እናሰጎመ ምስ ከደ፣ ነተን ባነራት ካብቲ ግምቢ ኣውሪድናየን ኣለና። እቶም ኣብቲ ባነር ዝበርሁ መብራህቲታት፡ ንላዕሊ ገጾም ኣብቲ ባነር ንክበርሁ ቦታኦም ተቐይሮም ኣለዉ።

እቶም ባነራት ነቲ መበል ትሸዓተ ዓመት ዝኽረ-ዓመት እቲ ሓደጋ ኣብ ቦታኦም ክጸንሑ እዮም፤ ድሕሪኡ ድማ ካብቲ ህንጻ (Tower) ብጥንቃቐ ተላዒሎም ኣብ ውሑስ ቦታ ክኽዘኑ እዮም፦ እቲ ህንጻ ዝተፈልየ መልክዕ ከም ዝህልዎ፣ ከምኡ'ውን እቶም ባነራት ንብዙሓት ሰባት ዓቢ ትርጉም ከም ዘለዎም ንርዳእ ኢና። ዝኾነ ሕቶታት እንተሃሊኩም፡ ኣብ ዝቕጽል ገጽ ብዘሎ ኢመይል ኣድራሻ ተወከሱና።

## ናይ ግምቢ መብራህቲ

እቲ ግምቢ ብጥንቃቐ ኣብ ዝወረደሉ እዋን ዝርአ መዘኻኸሪ ክህሉ

ኣገዳሲ ምዃኑ ሰሚዕና ኣለና። እቶም ናይ ብርሃን ጨረራት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኩርናዕ ናይቲ ህንጻ ኩሉግዜ ካብ ኣጋግዘ ጀሚሮም ክሳብ ሰዓት 11:00 ምሸት ናብ ላዕሊ ገጾም ምብራህ ክቕጽሉ እዮም። ኣብ ልዕሊ ባነራት ልቢ ግረንፈል (Grenfell) ዝበርህ መብራህቲ ጽልግልግ ምስበለ ጀሚሩ ክሳብ ሰዓት 11 ምሸት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ለይቲ ይበርህ እዩ።

## ምክትታል ሓበሬታ ብዛዕባ ኣበራ፣ ምንቅጥቃጥን ዝርብሽ ድምጽን

መንግስቲ ኣብ ቦታ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ኩሉ ስራሕቲ ብዝለዓለ ደረጃ ክፍፀም ቃል ኣትዩ ኣሎ። ጥዕናን ድሕነትን ሕብረተሰብን ኣብቲ ቦታ ዝሰርሑ ሰባትን ቀዳምነትና ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። ኣብቲ ቦታ ብዛዕባ ኣበራ፡ ምንቅጥቃጥን ዝርብሽ ድምጽን ቀጥታዊ መረዳእታ ዝእክቡ ሞኒተራት ኣለዉ። እቲ ዳታ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ይሕተም። እዋናዊ ጸብጻባት ንምርኣይ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሊንክታት ጠውቑ፦

[ጸብጻብ ምክትታል ደሮና ካብ 2 መጋቢት ክሳብ 29 መጋቢት 2026]
[ጸብጻብ ምክትታል ምንቅጥቃጥ ካብ 2 መጋቢት ክሳብ 29 መጋቢት 2026]
[ጸብጻብ ምክትታል ናይ ድምጺ ረብሻ ካብ 2 መጋቢት ክሳብ 29 መጋቢት 2026]

ኤጀንሲ ድሕነት ጥዕና ዓባይ ብሪጣንያ (UK Health Security Agency፣ UKHSA) ስራሕ ኣብ ዝካየደሉ እዋን ኣብ ከባቢ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower) ኣብ ዝርከብ ከባቢ ጽሬት ኣየር ምግምጋምን ምክትታልን ክቕጽል እዩ። ጸብጻባቱ ወርሓዊ ይዝርግሕ። እዋናዊ ጸብጻብ ኣብዚ ክተንቡ ትኽእሉ ኢኹም፦

[ድሕሪ ባርዕ ግምቢ ግረንፈል (Grenfell Tower) ስዒቡ ዝግበር ናይ ከባቢ ምክትታል - GOV.UK]

## ናይ ጥዕናን ድሕነትን ደገፍ

ስምዒታውን ኣካላውን ናይ ድሕነትን ደገፍ ንሓዘንተኛታት ስድራቤታት፡ ብህይወት ንዝተረፉን ነበርቲ ናይቲ ቀረባ ማሕበረሰብን ኣብ ምሉእ እቲ ስራሕ ብጥንቃቐ ግምቢ ግረንፈል (Grenfell Tower) ንምውራድ ይቕጽል ኣሎ። ምስ ዝኾነ ሰብ ኽትዘራረብ እንተ ደሊኻ፦

- ናብ ኣገልግሎት ድሕንነት ግረንፈል (Grenfell Wellbeing Service) ብ 020 8637 6279 ደውሉ። (ካብ ሰዓት 8 ንግሆ ክሳብ ሰዓት 8 ምሸት፣ በብመዓልቱ)
- ኣብ ህጹጽ እዋን ናብ ማእከላይን ሰሜናዊ ምዕራብ ለንደንን NHS ፋውንዴሽን (Central and North West London NHS Foundation Trust፣ CNWL) ንጽል ነጥቢ ምብጻሕ መስመር ምኽሪ ደውሉ፣ ብስልኪ ቁጽሪ:
  0800 0234 650 (ኣብ መዓልቲ 24 ሰዓታት፣ ኣብ ሰሙን ሸውዓተ መዓልታት ክፉት እዩ)።
- ኢመይል: grenfell.wellbeingservice@nhs.net

- ንዚያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ተወከሱ: www.grenfellwellbeing.cnwl.nhs.uk

ብዛዕባ ዝርከቡ ኣገልግሎታት እዋናዊ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከሱ፡ www.grenfell.nhs.uk

## ከመይ ጌርካ ምሳና ትዛረብ ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ ትረክብ

ሓበሬታ ንዓኹም ሓጋዚ ብዝኾነ መንገዲ ክነካፍል ንደሊ። ብቐጻሊ ስሩዕ ሓድሽ ሓበሬታ ኣብ ዝስዕብ ምክፋል ክንቅጽል ኢና፦ www.gov.uk/grenfell-community-updates

ብኽብረትኩም በዚ ኢሜል ግበሩልና፦ GrenfellTowerSite@communities.gov.uk ናብ:

- ምስቲ ናይቲ ቦታ ጉጅለ ወይ ምስቲ ቀንዲ ተቋራጺ ግረንፌል ታወር (Grenfell Tower) ዝኾነ ዲሲዩኬ (DCUK) ንምዝርራብ፡ ንዓኻትኩም ብዝጥዕመኩምን ምቹው ብዝኾነልኩምን ግዜ፡ ዕለትን ቦታን ቆጸራ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም።
- ብዛዕባ ነቲ ግምቢ ብጥንቃቐ ንምውራድ ዝስራሕ ስራሕ ዝኾነ ሕቶታት እንተልይኩም ሕተቱና ወይ ስክፍታታትኩም ኣካፍሉና።
- ስሩዕ ሓድሽ ሓበሬታና ብቐጥታ ብኢመይል ንክንሰደልኩም ሕተቱና።
- እንተደሊኹም፣ ምሳኻትኩም ብኸመይ ከምእንረዳዳእን ከምእንዋሳእን ብዝምልከት ሓሳብኩም ኣካፍሉ። ርእይቶኹም ብሓጎስ ንቕበሎ።

ንእዋናዊ ሓበሬታታት ብዛዕባ ግረንፈል ታወር (Grenfell Tower)፡ ከምኡ'ውን ንናይ ኢመይል መፍለጢታት ንምምዝጋብ፡ ብኽብረትኩም ናብዚ ዝስዕብ ኪዱ፡ www.gov.uk/grenfell-community-updates ወይ ድማ ነቲ QR ኮድ ስካን ግበሩ።